## ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ናይ ኤርትራውያን ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣካዳሚ ዝተባህለ ማሕበር ኣብ ዘዳለዎ ናይ ፊልም ውድድር ዝተዓወቱ ስነ-ጥበባውያን ተሸሊሞም።

---------------0------------

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ናይ ኤርትራውያን ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣካዳሚ ዝተባህለ ማሕበር ኣብ ዘዳለዎ ናይ ፊልም ውድድር ዝተዓወቱ ሽዱሽተ ስነ-ጥበባውያን ተሸሊሞም።

እቶም ስነ-ጥበባውያን ኢሳያስ ጸጋይን ምስጉን ዘርኣይን "እታ ኣደ" ብዘርእስታ ናይ ልዕሊ 60 ደቒቕ ፊልም፣ ኣሮን ተኽለ "ዋዕላ ቤት ጊዮርጊስ" ብዘርእስታ ኢደ-ጽሑፈት፣ ኣምባሳጅር በርሀ "ማይ ፊይት" ብዘርእስታ ናይ ትሕቲ 60 ደቒቕ ፊልምን "ማይ ላብሊ ሲስተር ብዘርእስታ ሓጻር ፊልምን፣ ዘርኣይ ሃይለ "ዘ ኤንቫሮንመንት" ብዘርእስታ ዶክሜንታሪ፣ ሚኪኤል ስዩም ድማ ዋሺንግተን ባሊትስ ብዘርእስታ ሙዚቃዊት ቪደዮ ከካብ መወዳድርቶም ቀዳሞት ብምዃን ዝተዓወቱ።

ዕዉታት ገለ ኣብ ኣስመራ ገለ ድማ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ኸኾኑ ከለዉ፣ ብ26 ሰነ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ሚንስትሪ ትምህርቲ ኣብ ዝተገብረ ስነ-ስርዓት፣ እቶም ካብ ኣስመራ ተወዳዲሮም ዝተዓወቱ ሽልማቶም ካብ ኢድ ሚንስተር ትምህርቲ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተቐቢሎም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፣ ነቲ ናይ ዕዉታት ሽልማት ካብ ዋሺንግተን ናብ ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ዝተሓባበረት ሚስ ሱዛን ሞሪን ኣብ ዘስምዓቶ መደረ፣ እቲ ንውድድር ዝቐረበ ፊልምታት መሳጥን ናይቶም ሰራሕቱ ናይ ፈጠራ ክእለት ዘመስከርን ምንባሩ ሓቢራ፡፡ እቲ ኤርትራዊ ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ማሕበር ብኤርትራውያን ዝፈረዩ ፊልምታት ምስ ዓለም ንምልላይ ልዑል ጻዕሪ ይገብር ስለ ዘሎ ምትሕብባር መራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ከይፍለዮ ድማ ተላብያ።

ናይ ኤርትራውያን ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣካዳሚ ኣብ ነሓሰ 2002 ካልኣይ ውድድር ከካይድ ኣብ ምድላው ይርከብ።

*********ኣዜኤ*********